# ክብሪ ንሰብ ግብሪ



ሰሎሞን ድራር

**ኤሃብ ግርማይ**

ድሕሪ ነፍሲ-ወከፍ ዝተወልዐት ደርፊ፡ "እዋእ! እዚኣ ናቱ'ያ!" ክብሉ ምስ ሰማዕኩ፡ "ዘይናቱስ ናተይ ኢሉ ኣይመስምዓናን፡" በልኩ ብልበይ። ዘገርሞም ዝነበረ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት፡ ንዓይ'ውን ዝሓደገለይ የብሉን። ኣጸቢቐ እፈልጦ'የ ንዝብሎ ሰብ፡ ዕዮታቱ ብዝርዝር ምስ ቀረበ፡ ከም ዘይፈልጦ እየ ፈሊጠ። ዝገበርካ ዘይብልካ፡ ንሰብ ውዕሎ ከተናሹ ጸኒሕካ፡ ዕዮታቶም ደሚቑ ምስ ወጽአ ትሓንኽ ኢኻ። ከምኡ'ዩ ናይ ህይወት ነገር። ከምቲ ሓጥያትን ገንዘብን ተዋህላላይ ዝተባህለ፡ በብእዋኑ ዘንጠብካዮ ዕዮ ስነ-ጥበብ ድማ ተዋህላላይ እዩ። ምውህላሉ ግን መአከቢ ዝተረኽበ ዘይኮነ፡ መኽዘን ብሉጽ ስራሕ እዩ ዝኸውን። ዘዛርበኒ ዘሎ፡ ናይ ገለ ስነ-ጥበበኛታት ውዕለት፡ ልዕሊ ትጽቢት ብዙሓት ኣስተማቐርቲ ከም ዝጸንሕ ንምእንፋት እዩ። እዚ ተጓንፎ'ዚ ድማ ዝሓለፈ ዓርቢ፡ 28 ለካቲት፡ ኣብ ሲነማ ሮማ ተጋህደለይ።

ኣብ ዝተፈላለየ መደብ መመረቕታ መጽሓፍ ተሳቲፈ'የ። ነናቱ ፍሉይነት ድማ ረኺበሉ። ገሊኡ ግን ውጽእ ዝበለ፡ ንብዙሓት መወከሲ ክኸውን ዝኽእል ትሕዝቶ ኣለዎ። ካብ ኣርእስቲ ናይታ መጽሓፍ ጀሚርካ፡ ብዙሕ ካብቲ ግጥምታት (ናይ ንባብን ናይ ደርፍን) ኣብ እዝንና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መንፈስና'ውን ዝሰረጸ እዩ። "ኣይሞተን መርሃዊ" እትብል ህብብቲ ግጥሚ፡ ኣብ ዝኸሪ 20 ሰነ፡ ተሓቲማ ናብ ህዝቢ ትዝርጋሕ ዝነበረት ዝናዊት ግጥሚ'ያ። ብዙሕ ግዜ ኣንቢበያ። ብዙሕ ነገር ከኣ ኢላትኒ። ኣርእስቲ ናይታ ዓርቢ ምስ ኣንበብቲ ዝተላለየት መጽሓፍ ግጥምታት ስነ-ጥበበኛ ሰሎሞን ድራር ድማ'ያ። ኣብቲ መደብ፡ ምስ ዕዮታት ሰሎሞን ከነላልየኩም ተባሂሉ ተተቒናጪሉ ዝቐረበ ደርፍታት እዩ ነቶም ኣብ ጉድነይ ዝነበሩ፡ መምስ ዝመጽኣት ደርፊ "እዋእ! እዚኣ ናቱ'ያ!" ዘበሎም። ሓቆም'ዮም። ብፍላይ እቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ

ዝፈረየ ደርፍታት መን ከም ዝደረሶ ብወግዒ ስለ ዘይግለጽ፡ እንትርፎ ሰራሕቱን ብቐረባ ኣብቲ ዕዮ ዝተሳተፉን እቲ ዝበዝሐ ሰማዒ ናይ ኩስቶ እዩ ክብሎ ኣይክእልን'ዩ። ነቲ ደራፊ'ምበር ነቲ ገጣምን ዘያምንሲ ክፈልጦም ኣይክእልን። ኣቐድም ኣቢሉ፡ ሰሎሞን ጸሃየ፡ "ሳሕል" ዝብል ኣርእስቲ ዝሃቦ፡ ዝበዝሕ ናይ ደርፊ ግጥምታቱ ዝሓዘ መጽሓፍ ኣሕቲሙ ነይሩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ ማና ተስፋዝጊ "ኣውሮራ" ዝሰመዮ ተመሳሳሊ መጽሓፍ ግጥምታት ኣሕቲሙ።

እንሆ ድማ ሕጂ ሰሎሞን ነቲ ኣርክቶ ተጸንቢሩዎ። እዚ መጻሕፍቲ'ዚ ኣገዳሲ ዝኾነሉ፡ ብቐንዱ ነቲ ቃና "ሃገራዊ መኸተ" ዝመለለዩሉ ስነጥበብ ሃገርና ስለ ዝስንድ ወይ ዝውክል'ዩ። ትማሊ ኣብ ገድሊ፡ ደሓር ኣብ ናጽነት፡ ኣብ ምክልኻል ሃገር፡ ኣብ ልምዓትን ህንጸትን ሃገር፡ . . . ኣተኩሩ ዝፈረየ ዕዮታት ስነጥበብ፡ ከም መዳፍዕን ልዕሊኡን "ኣብ ልዕሊ ጸላኢ መርዘን፡ ኣብ ልዕሊ ወገን ድማ ሓበን" ፈጢሩ'ዩ። ሕኑን ንያት መኸተ ብምብራኽ ድማ ኣብ ሓፋሽ ሓባራዊ መረዳእታ ኣስሪጹ። ከምቲ ሰሎሞን ድራር ኣብ መመረቕታ መጽሓፉ ዝበሎ፡ እታ "ተወሊደላ" ዘርእስታ፡ ሙሉጌታ በይን ክብሪ ንሰብ ግብሪ (ወዲ ዛግር) ዝደርፉ ዕዮኡ ኣብ ነሓሰ 1988 ኣብ ሱዳን ምስ ቀረበት፡ ዝተዳለዋ መካን ምኽኣል ክሳዕ ዝስእናኦም መንእሰያት ናብ ገድሊ ተሰሊፎም። እታ ግጥሚ፣ ጎዱፋ ዘይቀብር ጸሪጉ ሕንዛ እሾኻ ዘይነቅስ ከጥፍእ ቃንዛ ሕቖኦም ዘየደልድል ጀጋኑ ደቃ ተወሊደላ ምባል የብሉን ጣቋ። መን ባህ ኢሉዎ ከርተት ዓዲ ጓና መንከ ክሕጉስ ሃገር ኮይና ዑና ፍትሒ ናጽነት ካብ ኮነ ትምኒትና ቀላጽምና ነልዕል ዕንይንይ ከይበልና።

ሓሊብ ኣልቦ'ዩ ዘይኣንሰሰ ኣይጐምድን ቅጫ ዘይሓረሰ። ምስ ኣርእስቲ መጽሓፍ - "ኣይሞተን መርሃዊ" - "45 ዓመት ቃና ጽኑዕ እምነት" ዝብል መፈክር ወይ ጥቕሲ ንረክብ። ደራሲ ናይቶም ግጥምታት፡ ካብታ ቀዳመይቲ ኣስፊሩዋ ዘሎ "ኣንበሳ በረኻ" ዘርእስታ፡ ኣብርሀት ኣንከረ (ጓል ኣንከረ) ኣብ ገድሊ ዝደረፈታ፡ ክሳዕ'ታ "ርእሲ" ዝሰመያ ኣብ መወዳእታ ዘላ ናይ ንባብ ግጥሚ፡ ኣብዛ 192 ገጻት ዘለዋ መጽሓፍ፡ 82 ግጥምታት ኣስፊሩ'ሎ። እዚ ኣሃዝ'ዚ ካብቲ 200 ዝኸውን ግጥምታቱ ተሓርዩ ዝቐረበ ምኳኑ ሰሎሞን ይሕብር። ደራሲ፡ ከመይ ኢሉ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ናብ እንዳ ስንኩላን ከም ዝኸደን ካብኡ ናብ ባህሊ ውድብ ንኽስሓብ ዝተንዕዞን ዝሰዓበ ተመኵሮኡን ኣብ መቕድም ኣስፊሩዎ ኣሎ። "ቃና ጽኑዕ እምነት" እቲ ናይ መኸተ ቃና እዩ። ኣብዛ መጽሓፍ ድማ ኣመና ፍሩያትን ልሉያትን ደርፍታት መኸተ ቃልስን ምክልኻል ሃገርን ቀሪቦም ኣለዉ። ካብቶን ኣብ ቀዳማይ ክፋል ሰፊረን ዘለዋ ቅድሚ ናጽነት ዝተገጥማ 11 ግጥምታት ደርፊ ገለ ንምጥቃስ፣ "ዓወት ቀሪባ"፡ "መትከል ሓያል"፡ "መጻእኩ በሎ"፡ "ክብረትና"፡ "ወጋሕታ እዩ ነይሩ"፡ "መን ኢኻ'የ"። እዘን ደርፍታት እዚኣተን ብዓበይቲ ደረፍቲ ሰውራ ዝቐረባን

ኣብ ልቢ ሰማዒ ዝሓደራን እየን። ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይቲ መጽሓፍ፡ ድሕሪ ናጽነት ካብ ዘፍረየ፡ 71 ግጥምታት ኣቕሪቡ'ሎ።

ካብዚኣተን'ውን ገለ ንምጥቃስ፣ "መርሃዊ"፡ "ኣይሞተን መርሃዊ"፡ "ሓደ ልቢ"፡ "ብርሃን'ዛ ቤትና"፡ "ኣድሃ"፡ "ክኸውን'ዩ [ከመይ ዘይኸውን]"፡ "ንኺድ ጥራይ"፡ "ዘውዲ ሓርነት"፡ "ዓዲ ማሕላ"፡ "ከዋኽብቲ ጥበብ"፡ ወዘተ። እዚኣተን'ውን ብዓበይቲ ደረፍቲ ሰውራን መንእሰያትን ዝቐረባ ልሉያት ደርፍታት እየን። እዚ ደርፍታትን ግጥምታት'ዚ፡ ኣብ መመድረኹ ውጽኢ ዝበለ ጥበባዊ ክብሪ ዝረኸበ'ዩ። "ካብዞም 82 ግጥምታት፡ እቶም 21 ንፍቕርን ማሕበራዊ ጉዳያትን ዝገልጹ ኸኾኑ ኸለዉ፡ እቶም 61 ግን ንቓልስን መኸተን ዝገልጹ እዮም፡ " ብምባል ደራሲ ኣብ መቕድም መጽሓፉ ይገልጽ። ካብዚ 82 እቲ 16 ናይ ንባብ ግጥሚ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ 66 ድማ ናይ ደርፊ ግጥሚ'ዩ። ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ሰባት ዝተሳተፉዎ መጽሓፍ "ኣይሞተን መርሃዊ" ናይ ምልላይ መደብ፡ ከምቲ ልሙድ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ስነ-ጥበብ ተመስጦኦም ኣቕሪቦም። ከፊላዊ ዕዮታት ደራሲ ብድምጺ ቐሪቡ ከኣ ዝኽሪ ሰማዕቲ ቀስቂሱ። ምኽንያቱ፡ ብዙሕ ካብቲ ህቡብ ናይ ቃልስን መኸተን ከምኡ'ውን ናይ ፍቕርን ማሕበራዊ ህይወትን ደርፍታት ናይ ሰሎሞን ምኳኑ እንፈልጥ ዝወሓድና ኢና ነይርና። ሰሎሞን፡ ናይ ስነ-ጥበብ ተውህቦኡ ከለሊ ዝኽኣለሉ ኣጋጣሚ፡ "ሓደ እዋን፡ 'ዋዱ ቓ!' ወደቕኒ። ግና ደሓርስ 'እንቋዕ ወደቕኒ' ዘብል ዋዴቓ ድኣ ኰነ፡ " ብምባል'ዩ ገሊጹዎ። "ኮሚሳር ሓይልና ኣማኑኤል ፍስሃየ (ወዲ ፍሽይ)፡ ኣብ ሓንቲ ዓባይ ከውሒ ኮፍ ኢሉ፡ ከምቲ ልሙድ ንኽቐርቦ ጸውዓኒ።

ሰላምታ ተለዋዊጥና ኣብቲ እግሩ ደው ምስ በልኩ፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ባህላዊ ምርኢታት ማለት ብዛዕባ ደርፍታት፡ ግጥምታትን ተዋስኦታትን ኣስፊሕ ኣቢሉ መግለጺ ሃበኒ'ሞ፡ 'ካብ ኣባላት ሓይልና - ኣወዳትን ኣዋልድን - ሓሪኻ፡ ሓንቲ 2025 ዝኣባላታ ጉጅለ ባህሊ ኽተቕውም ኢኻ። ዝግባእ ልምምድ ምስ ገበርኩም ከኣ፡ ንበጠሎኒና ምርኢት ክተቕርቡላ ኢኹም፡' በለኒ። ኣብ ዘለኹዎ ደሪቐ መልሲ ምሃብ ስለ ዝደንጎኹዎ፡ 'እሂ! ተረዳዲእና'ዶ፧' ብምባል ደጊሙ ሓተተኒ። "'ኣንታ ወዲ ፍሽይ! ኣነ ደኣ እንታይ ዝፈልጦ'ለኒ፧ ካልእ ጠርናፊ ሰብ ዘይትገብር፡ ኣነ ኸኣ ኣባሎም እኸውን' በልኩዎ፡ ምልክት ምጭናቕ እናኣርኣኹ። ናይ ብሓቂ ኸኣ ከቢዱኒ ነበረ። 'ጉጅለ ባህሊ' ዝበሃል ንኣይ ሓዲሽ ኣምር ነበረ፡" ብምባል ይገልጸ። ካብ ከምዚ ዝበለ፡ ኣብ ስነ-ጥበብ እንዶ ዘይነበሮ ክዉንነት ወጺኡ ድማ'ዩ ናብዚ ሕጂ ንዛረበሉ ዘለና ደረጃ ዝበጽሐ። ኣብቲ መስርሕ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት እንከሎ፡ ኣብ 1979 ክልተ እግሩ ተሃሪሙ፡ እታ ሓንቲ ኣብ ሰሙና ክትቕረጽ እንከላ፡ "እታ ሓንትን ጅልፍዕትን ግን ኣብ ሕክምና ሓውያ፡ . . ." ከም ዝበሎ ባዕሉ፡ ኣብ ጨንፈር ኣካለ ስንኩላን

ምስ ኣተወ ናብ ንጥፈታት ስነ-ጥበብ ከም ዘበለ ይገልጽ። ኣእጋሩን ኣእዳዉን ብመውጋእቲ ዝተጀላልዐ እንከሎ ኣብ ስነጥበብ ክንድ'ዚ ዝኣክል ክንዓዝ ምኽኣሉ፡ በታ "ርእሲ" ዝሰመያ ኣብ መወዳእታ ናይታ መጽሓፍ ዘላ ግጥሚ ክውከል ይከኣል፣ ርእሲ መሓውር ኣርባዕተ ተሪፈን ሰለስተ ንሳተን'ውን ጅልዑፋት ሓባጥ ጐባጣት እንቋዕ ተማሒረት ርእሲ ግጥሚ ኽተሳሲ! ኣሳስያ ምስ ነርቭታት ቈራጽ ተመሓዝያ ኣብ ሓዘን ስሒቓ ኣብ ሓጐስ ነቢዓ ንምረት ቀዲዓ ናብ ጽምብል መጽሓፍ ኣብቂዓ። ንሰሎሞን ድራር ዝያዳ እንፈልጦ በቲ ኣብ ምድራስ መጻሕፍቲ ዘበርከቶ ኢና።

"መኸተ"፡ "ዕጫ ሓንቲ ስድራ"፡ "ኤርትራውያን ኮማንዶ - ቅያ 18 ደቓይቕ፡". . . ክልዓል እንከሎ፡ ንሰሎሞን ድራር ዘይፈልጥ ኣንባቢ መጻሕፍቲ ኣይርከብን ይኸውን። ኣብ ግጥምታት ደርፊ ከም ብዓል "ሻመይ"፡ "ተደናጊረ"፡ "ኣይደልን ምፍልላይ"፡ ናይ ሄለን መለስ ፍቕራዊ ግጥምታት ግን ናቱ ምዃኑ እፈልጥ ኣይነበርኩን። ድምጻዊት ኻሉ ወይኒ ሰሎሞን እውን ተቓዳሲት ሽሻይ ግጥምታት ደርፊ ኣቦኣ እያ። ኣብ ኤሪቲቪ ዝተፈነወ ተኸታታሊ ፊልምታት እውን ኣካል ዕዮታቱ እዩ። እቲ ኣበርክቶስ ብዙሕን ዓይነታውን እዩ'ሞ ንብዙሓት መወከሲ ክኸውን ዝኽእል ተመኵሮ ኣለዎ። ሰሎሞን፡ ተውህቦኡ ከለሊ ብምኽኣሉ እዩ ክሳዕ ክንድ'ዚ ከፍሪ ዝኸኣለ'ሞ፡ ተውህቦና ኣለሊና ክንሰርሕ ንእግረ-መንገደይ እላቦ።

### *ኣይሞተን መርሃዊ*

*ካብ መሬቱ፡ ኣብ መሬቱ፡ ናብ መሬቱ*

*ኣብ ምድረ በዳ ጎልጎል*

*ኣብ ኣኽራናት ገደል*

*ብሓመደ እምኒ ተጸቒጡ*

*ዋላ የጽቅጥ ብድቃስ ተዋሒጡ*

*መኣስ'ሞ ሞይቱ መርሃዊ!*

*ዝወለደቶ ማህጸን ከሪዓ*

*ዝደቀሰላ መሬት ጠጢዓ*

*ዝናፍቕዎ ኣሓት ኣሕዋት*

*መላእ ሕብረተሰብ፡ ቀረባ ርሑቓት*

*“ሳልኡ! ሳልኡ! ሳልኡ!” እናበሉ*

*ኣብ ጐደና ሓርነት ሽናዕ ክብሉ፡*

*ንሱዶ’ይኮነንህያውነት መርሃዊ!*

*ኣይመሽመሽን!*

*ጨው ሳሊና ኣይበልዮን ኣዕጽምቱ*

*ኣይመጠጐን!*

*ቀዝሒ ሮራ ኣይጨምደዶን ቆርበቱ*

*ምስ ጠሉ’ዩ ዘሎ ደሙ*

*ናብ መትንታትና ልሒሙ*

*እነህና’ንዶ ንርኢ*

*ነስተውዕል እንተ ዝመውት ደኣ ዘይንዓውር*

*እነህና’ንዶ ንወሳወስ*

*ርግጽ!*

*በብራኹ እንተ ዘይኬድና*

*በዒንቱ እንተ ዘይተመሪሕና*

*ቃሉ ብዘይምኽባር*

*ብጉዑ እንተ ወዲቑ ፍሬና*

*ብሀርፋነ ስልጣን*

*ብኣድልዎ ወገን*

*ረሲኣን ኴንና ምስ እንነዓዓቕ*

*ንጸላእቲ ምስ እንፈጥር ፈቓቕ*

*ሞተ ማለት ሽዑ*

*መርሃዊ በርባዕተ መኣዝን የእዊ*

*እንተ ዘየለ፡ ተወሃሂድና*

*ዋልታ ሓድነት ገቲርና*

*ቃሉ ምስ ዘይነፅብር ሳቮያ እንተ'ልና*

*ንህንጸት ሃገር ሎሚ ኣይሞተ፡*

*ጽባሕ ኣይመውት*

*መርሃዊ*

*ህያው'ዩ ዘልኣለማዊ።*

*(20 ሰነ 1992)*

**ሓዳስ ኤርትራ**

4 **መጋቢት** 2025